# ኤርትራ ኣብ ምፍታሕ ግጭት ሱዳን

## ሒዛቶ ዘጸንሐትን እዉጅን መርገጺ




ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ኣብ ሱዳን ዝተራእየ ኣዕናዊ ግጭት፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘውረዶ ከቢድ መዓት፡ ንምርግጋእን ጸጥታን እዚ ከባቢ ዝጸሉ ሓደገኛ መዘዝተ ፈጢሩ ይርከብ። ኣብ ዝሓለፈ ሒደት ሰሙናት፡ ንኣፈጣጥራ ናይ'ቲ ግጭት ብዝምልከት ማእለያ ዘይብሉ ግጉይ ኣተረጓጉማ ዘለዎ ጐዕጐዕ ናይ መራኸቢ ብዙሓን ትንታነታት ክንርኢ ቀኒና። ህዱእ ብዝመስል ጕስጓሳት ግና፡ ዝለዓለ ጽልዋ ንምፍጣር ብዘኽእል ብሰብ ሰርሓ ብልሒ (AI) እናተደገፉ፡ ብጫሌዳ ረብሓታት ተደሪኾም፡ ነቲ ግጭት ዘጓሃህርን ንድሕነት ህዝቢ ሱዳን ናብ ሓደጋ ከእቱ ዝኽእልን ዘመተታት ከካይዱ ጸኒሖም። ካብ'ዚ ኣሻቓሊ ምዕባለታት ብምብጋስ እምበኣር፡ ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ናይዚ ዓመት'ዚ፡ ኤርትራ፡ ንግጭት ሱዳን ኣመልኪቱ ኣብ በርሊን ንዝተጋብአ ዓለምለኻዊ ዋዕላ ኣዳልያቶ ካብ ዝነበረትን ንነዊሕ እዋን ሒዛቶ ካብ ዜና ዝጸንሐትን መርገጺ፡ ደጊምና ቀንዲ ትሕዝቶኡ ከነቕርቦ ንፈቱ።

"…. እዚ ዋዕላ እዚ፡ ብርቱዕን ኣድላይነት ዘይነበሮ ምብራስ ህዝብን ንዋታዊ ዕንወትን ዘስዓበ ግጭት ሱዳን፡ ኣብ ወሳኒ መድረኽ ኣብ ዝበጽሐሉ እዋን እዩ ዝካየድ ዘሎ። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ግዝያዊ መዐገሲ ዝኸውን ህጹጽ ሰብኣዊ ረድኤት ብዝተዋደደ ኣገባብ ክለኣኽ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ፡ ዓለምለኽ ማሕበረሰብ፡ ህዝቢ ሱዳን ነባሪን ጽኑዕን ሰላም ኣብ ዝረኽበሉ ፍታሕ ከተኵር ይግባእ። ኤርትራ ብዝሓዘቶ ሓድሽ ዘይኮነ ኣመለኻኽታ መሰረት፡ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ሽቶ (ምርግጋጽ ሰላም) ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ሸውዓተ ኣዕኑድ ይምርኮስ፦

=> ፍታሕ ግጭት ሱዳን ብቐንዱን ብቐዳምነትን፡ ኣብ ህዝቢ ሱዳን እዩ ዝርከብ። ኣዕሩኽ ሱዳን ንመስርሕ ሰላም ብሰናይ ፍቓድ ኣብ ምስላጥ ክሕግዙ

ይኽእሉ። እዚ ምትሕግጋዝ ድማ ንዘይናወጽ መልሕቕ፡ ዘይገሃስ ክብሪ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሱዳን ሰረት ዝገበረ ይኸውን።

=> ኣብ'ዚ ጉዳይ ዘተኮሩ ብዙሓትን ዝተፈላለዩ ተበግሶታትን፡ ዘይተሓሰበ መዘዛት ኣብ ልዕሊ ምፍጣሮም፡ ህዝባዊ ተስፋ ኣብ ዘይተነብሮ መሰረትን ብዘይ ሰናይ ፋል ስለ ዝብገሱን፡ ነቲ ቅልውላው ክጠናንጉ ጸንሖም ኣለው።

=> እቲ ግጭት፡ ከም ናይ ውልቃዊ ባእሲ ወይ ምትህልላኽ ተቓጸጽቲ ውድባት ተገይሩ ክትርጎም የብሉን። ዘየማትእ ሓደ ጭብጢ ክንረቍሕ ንኽእል ኢና። ኣብ ቀረባ ግዜ ዝወጸአ ውጽኢት መጽናዕቲ ያለ ዩኒቨርሲቲ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ምዕቡል ኣጽዋር ብምዕዳልን ዕሱባት ወተሃደራት ብምምዋልን፡ ዓቕሚ ናይ'ቲ ዳዕም ኣሰሪዕ (RSF) ተባሂሉ ዝፍለጥ ሓይሊ ተደልድል ከም ዘላ የረድእ። ነዚ፡ ኣብ ፈለማ ተስዓታት፡ ሃገራት ባልካን ዝበታተነ ናይ ግጭት ቅዲ ኣብ ሱዳን ከም ዝድገም ምስ ዝገብር ሕቡእ ዕላማ ከነመሳስሎ ንኽእል።

=> ንሱዳን ናብ ንቡር ሲቪላዊ ምምሕዳር ከብጽሕ ዝኽእል ናይ ግዜ ወሰን ዝተገብረሉ መሰጋገሪ ምዕራፍ ናይ ምፍጣር ኣድላይነት ንጹር እዩ። ነዚ ንምትግባር ድማ ልኡላዊ ባይቶ ብህዝቢ ሱዳን ሕድሪ ከም እተዋህቦ ክዝከር ይግባእ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝነበረ መንግስቲ ካብ ስልጣን ንምእላይ ህዝባዊ ናዕቢ ኣብ ዝተወለዓሉ ግዜ፡ ሰራዊት ሱዳን ኣገዳሲ እጃም ከም ዘበርከተ ይፍለጥ። ኣብ'ቲ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ፡ ናይ ምርጫ ባይታ ከጣጥሕን ናብ ንቡር ሲቪላዊ ምሕደራ ንምምላስን ዘኽእል ሃዋህው ንምፍጣር፡ ልኡላዊ ባይቶ ከም ድልድል ኮይኑ ኣብ መሪሕነት ክጸንሕ ኣድላዪ ነበረ። እዚ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰለስተ ዓመት ከብቅዕ ዝነበሮ ዕማም እዩ። የግዳስ ብግዳም ብዝግበር ዘሎ ናይ ውግእ ድርኺት፡ እናተዘርገ ክሳብ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ።

=> ኣብ ዝኾነት ሃገር፡ ወተሃደራውን ጸጥታዊ ሓይልን፡ ዝነዛዘ ወይ ዝማቓራሕ ከም ዘይኮነ፡ ትንተና ዘድልዮ ኣይኮነን። በዚ መንጽር እዚ ከኣ፡ ኣብዚ ናይ መሰጋጋሪ ምዕራፍ፡ በይናዊ በዓል ስልጣን፡ ልኡላዊ ባይቶ ጥራይ ከም ዝኾነ ክፍለጥ ኣለዎ። ዕጡቓት ሓይልታት ተሓናፊጾም ኣብ ትሕቲ ሓደ እዚን ሃገራዊ ጽላልን ቅድሚ ምቛም ዝተሰርዐ እዩ።

=> በዚ መሰረት፡ ልኡላዊ ባይቶ፡ ኣብዚ ኣህጉራዊ ዋዕላ ሚኒስትራትን ኣብ ካልኦት ተመሳሰልትን ክሳተፍ፡ ኣገዳስን ግቡእን ከም ዝኾነ ኤርትራ ትኣምን።

=> ኣብ መወዳእታ፡ ግዝያዊ ምቍራጽ ተኹስን ጎደሎ ፍታሕን፡ ኣብ ክንዲ ትጽቢት ዝግበረሉ ሰላም ዘምጽእ፡ ነቲ ቅልውላው እናዘራረገ፡ ተጻባእቲ

**ወገናት ዕርዲታት ጽልኢ እናኣደልደሉ፡ ንዝሓየለ ግጭት ከም ዝዳለዉ ይገብርን ህዝቢ ዘማዛብል ውግእ ይፍጠርን ኣሎ። ስለዚ፡ ኣተኵሮና ሓፈሻዊ ተጻብኦታት ኣብ ዘጥፍእን ነባሪ መቓናት ሰላም ኣብ ምፍጣርን ዝጠመተ ክኸውን የድሊ”።**